# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

## የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ

### ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
### የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት

መበል 23 ዓመት ቑ.12 መቐለ
281./2008 ዓ.ም

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ

23ኛ ዓመት ቁ. 12 መቐለ
281/2008 ዓ/ም


**ቑፅሪ ኣዋጅ 281/2008 ዓ.ም**

**ዝተመሓየሸ ኣዋጅ ኣታዊ ግብሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ**

ዕብየት ቁጠባ እዚ ክልል ምስ ዝበፅሖ ብርኪ ዝጠዓዓም፣ ንቐፃሊ ዕብየት ቁጠባ ዝሕግዝ፣ ዘመናውን ስሉጥን ስርዓት ግብሪ ምትካል ኣድላይ ብምዃኑ፣

ፍትሓውነት ስርዓት ኣከፋፍላ ግብሪ ኣታዊ ንምርግጋፅን ግብሪ ዘይኽፈሎም ዝነበሩ ዓይነት ኣታዊታት ኣብ ስርዓት ግብሪ ክሕቆፉ ምግባር ኣድላይ ብምዃኑ፣

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብመሰረት ተመሓይሹ ዝወፀ ሕገ መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 49/3/ሀ/ እዚ ኣዋጅ ኣውፂኡ ኣሎ።

**ዓንቀፅ 1.ሓፂር ርእሲ**

እዚ ኣዋጅ "ዝተመሓየሸ ኣዋጅ ኣታዊ ግብሪ ቑፅሪ 281/2008 ዓ.ም" ተባሂሉ ክፅዋዕ ይኽእል።

**ዓንቀፅ 2.ትርጉም**

1. **"ቤት ምኽሪ"** ማለት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ።

**አዋጅ ቁጥር 281/2008 ዓ.ም**

**የተሻሻለው የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የገቢ ግብር አዋጅ**

የክልሉ የኢኮኖሚ እድገት ከደረሰበት ደረጃ ጋር የተጣጣመ፣ ለቀጣዩ የኢኮኖሚ እድገት የሚያግዝ ዘመናዊና ቀልጣፋ የግብር ስርዓት መዘርጋት አስፈላጊ በመሆኑ፣

የገቢ ግብር የአከፋፈል ስርዓት ፍትሃዊነት ለማረጋገጥና ግብር የማይከፈልባቸው የነበሩ የገቢ አይነቶች ወደ ግብር ስርዓቱ እንዲገቡ ማድርግ አስፍላጊ በመሆኑ፣

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት ተሻሽሎ በወጣው የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ህገ መንግስት አንቀጽ 49/3/ሀ/ መሰረት ይህን አዋጅ አውጥቷል።

**ዓንቀፅ 1.አጭር ርእስ**

ይህ አዋጅ " የተሻሻለው የገቢ ግብር አዋጅ ቁጥር 281/2008 ዓ.ም "ተብሎ ሊጠራ ይችላል።

**ዓንቀፅ 2.ትርጉም**

1. **"ምክር ቤት"** ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት እዩ።


ናይ ሓደ ዋጋ / የንዱ ዋጋ } ብር 6.00

ነጋሪት ጋዜጣ ቑ.ፓ.ሳ / ነጋሪት ጋዜጣ □ ሳ ቁ } 291

2."**ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ**" ማለት ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ።

3."**ኣዋጅ**" ማለት ኣዋጅ ኣታዊ ግብሪ ፌዴራል ቑፅሪ 979/2008 ዓ.ም እዩ።

4. "**ብዓል መዚ**" ማለት ብዓል መዚ ልምዓት እቶት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ።

**ዓንቀፅ 3.ተፈፃምነት ኣዋጅ ኣታዊ ግብሪ ፌዴራል**

1. ኣብዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 4 ካብ ዝተመልከቱ ወፃኢ ኣዋጅ ኣታዊ ግብሪ ፌዴራል ቑፅሪ 979/2008 ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ተፈፃምነት ይህልዎ።

2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተደንገገ ተግባራዊ ክኸውን ዝኽእል ብመሰረት ሕገ መንግስቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ንክልላት ኣብ ዝተውሃበ ስልጣን ምእካብ ግብሪ ኣታዊ ጥራሕ እዩ።

**ዓንቀፅ 4.ኣብ ኣዋጅ ኣታዊ ግብሪ ፌዴራል ዝተገበረ ለውጢ**

ኣብ ኣዋጅ ኣታዊ ግብሪ ፌዴራል ቑፅሪ 979/2008 ካብ ዝተደንገገ፣

1.ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ዝተደንገገ ሕሉው ኮይኑ ኣብቲ ኣዋጅ ንሚኒስቴር ወይ ሚኒስትር ዝተውሃበ ስልጣንን ተግባርን

2."**የስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት** " ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግሰት የስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት ነው።

3."**አዋጅ**" ማለት የፌዴራል የገቢ ግብር አዋጅ ቁጥር 979/2008 ዓ.ም ነው።

4. "**ባለ ስልጣን** "ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የገቢዎች ልማት ባለስልጣን ነው።

**ዓንቀፅ 3. የፌዴራል የገቢ ግብር አዋጅ ተፈፃሚነት**

1. በዚህ አዋጅ ዓንቀፅ 4 ከተመለከተው ውጪ የፌዴራል የገቢ ግብር አዋጅ ቁጥር 979/2008 በትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ተፈፃሚነት ይኖረዋል።

2. በዚህ ዓንቀፅ ንኡስ አንቀጽ 1 የተደነገገው ተግባራዊ ሊሆን የሚችለው በኢትዮጵያ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ህገ መንግስት ለክልሎች በተሰጠ የገቢ ግብር የመሰብሰብ ስልጣን ብቻ ነው።

**ዓንቀፅ 4. በፌዴራል የገቢ ግብር አዋጅ የተደረገ ለውጥ**

በፌዴራል የገቢ ግብር አዋጅ ቁጥር 979/2008 ከተደነገገው፣

1.በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 3 የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ በአዋጁ ለሚኒስቴር ወይም ለሚኒስትር የተሰጠው ስልጣንና

ንበዓል መዚ ተዋሂቡ ኣሎ።

2.ኣብቲ ኣዋጅ ንቤት ምኽሪ ሚኒስትራት ዝተውሃበ ስልጣንን ተግባርን ንቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ ተዋሂቡ ኣሎ።

3.ኣብቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 3 ንኡስ ዓንቀፅ 3 ብርኪ ግብሪ ክፈልቲ ዝምደበሉ መጠን ኣታዊ ምምሕያሽ፣ ዓንቀፅ 60 ብኣጋጣሚ ኩነታት ዝተረኽበ ኣታዊ ዝምልከት መምርሒ፣ ዓንቀፅ 61 ዘይተኸፋፈለ ትርፊ፣ ዓንቀፅ 92 ንኡስ ዓንቀፅ 6 ካብ ተኸፋሊ ሒሳብ ግብሪ ቀኒስካ ኣታዊ ዝግበረሉ መጠን መሸጣ ምምሕያሽ ንሚኒስቴር ወይ ሚኒስትር ዝተዉሃበ ስልጣንን ተግባርን ንቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ ተዋሂቡ ኣሎ።

4.ኣብቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 48 ንኡስ ዓንቀፅ 1 ግብሪ ዝምልከቱ ስምምዓት፣ ዓንቀፅ 65 ንኡስ ዓንቀፅ 1(ሰ)(2) ካብ ኣታዊ ግብሪ ነፃ ዝኾነ ኣታዊ መሰረት ሚኒስቴር ዘፅደቖም ዓለም ለኸ ስምምዓት ብዓል መዚ ተቐቢሉ ብቐጥታ ኣብ ስራሕ የውዕል።

5.ኣብቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 40 ንኡስ ዓንቀፅ 6 ወፃኢ ልምዓት መዓድን ዝምልከት፣ ዓንቀፅ 41 ንኡስ ዓንቀፅ 6 ወፃኢ እግሪ ምትካል ዝተጠቕሰ ሚኒስቴር ነዳዲ፣ ማዕድንን ጋዝ ተፈጥሮን ዝብል ኤጀንሲ ማዕድንን ኢነርጅን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብዝብል ተተኪኡ ኣሎ።



ተግባር ለባለስልጣኑ ተሰጥቷል።

2. በአዋጁ ለሚኒስትሮች ምክር ቤት የተሰጠው ስልጣንና ተግባር ለስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት ተሰጥቷል።

3. በአዋጁ አንቀጽ 3 ንኡስ አንቀጽ 3 የግብር ከፋይ ደረጃ የሚመደብበት የገቢ መጠን ስለማሻሻል፣ አንቀጽ 60 ንፋስ አመጣሽ ገቢ የሚመለከት መመርያ፣ አንቀጽ 61 ያልተከፋፈለ ትርፍ፣ አንቀጽ 92 ንኡስ አንቀጽ 6 ከተከፋይ ሒሳብ ግብር ቀንሶ ገቢ የሚደረግበት የሽያጭ መጠን ለማሻሻል መሰረት ለሚኒስቴር ወይም ለሚኒስትር የተሰጠው ስልጣንና ተግባር ለስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት ተሰጥቷል።

4. በአዋጁ አንቀጽ 48 ንኡስ አንቀጽ 1 ግብር የሚመለከቱ ስምምነቶች፣ አንቀጽ 65 ንኡስ አንቀጽ 1(ሰ)(2) ከገቢ ግብር ነፃ የሆነ ገቢ መሰረት ሚኒስቴር ያፀደቃቸው ዓለም አቀፍ ስምምነቶች ባለ ስልጣኑ ተቀብሎ በቀጥታ ስራ ላይ ያውላል።

5.በአዋጁ አንቀጽ 40 ንኡስ አንቀጽ 6 የማልሚያ ወጪ የሚመለከት፣ አንቀጽ 41 ንኡስ አንቀጽ 6 መልሶ ማቋቋምያ ወጪ የተጠቀሰው የነዳጅ፣ ማዕድንና የተፈጥሮ ጋዝ ሚኒስቴር የሚለው የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የማእድንና ኢነርጂ ኤጀንሲ በሚል ተተክቷል።

**ዓንቀፅ 5.ተፈፃምነት ዘይብሉ ሕጊ**

ኣዋጅ ግብሪ ኣታዊ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ቑፅሪ 68/1995 ምስ መመሓየሽታቱ በዚ ኣዋጅ ተሳዒሩ ኣሎ።

**ዓንቀፅ 6.ተፈፃምነት እዚ ኣዋጅ**

እዚ ኣዋጅ ብቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ካብ ዝፀደቐሉ ሓምለ 1/2008 ዓ/ም ጀሚሩ ተፈፃምነት ኣለዎ።

ኣባይ ወልዱ

ፕረዚዳንት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

መቐለ

**ዓንቀፅ 5. ተፈፃሚነት የሌለው ህግ**

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የገቢ ግብር አዋጅ ቁጥር 68/1995 ከነማሻሻያዎቹ በዚህ አዋጅ ተሽሯል።

**ዓንቀፅ 6. የአዋጁ ተፈፃሚነት**

ይህ አዋጅ በትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ ምንግስት ምኽር ቤት ከፀደቀበት ሐምሌ 1/2008 ዓ/ም ጀምሮ ተፈፃሚነት ይኖረዋል

ኣባይ ወልዱ

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት

ፕሬዚዳንት

መቐለ